| ዝህቦ ግልግሎት፡<br>ኣገልግሎታት ትካል ንግዲ | ዬል ኒው ሀቨን ሀልዝ ስይስተም<br>ፖሊሲታትን መምርሒታትን |
|---|---|
| **ኣርእስቲ፥** ፖሊሲ መደብ ፋይናንሳዊ ሓገዝ | |
| **ዝፀደቐሉ ዕለት፡** 09/20/2013 | **በዚኦም ዝጸደቐ፥** ቦርድታት ሓደራ<br>ዝለዓለ ምኽትል ፕረሲደንት፡ ፋይናንስ |
| **ተግባራዊ ዝኾነሉ ዕለት፡** 09/20/2013<br>፩/፩/፪0፩፯ ለውረንስ+ሆስፒታል ሚሞሪያልን ሆስፒታል ወስተርልይን | **ዳግም ዝተኸለሰሉ፡** 01/21/2015፥ 09/፫0/፪0፩፮፥<br>፩፪/፩፮/፪0፩፮፥፮/፩/፪0፩፯፥፯/፩፰/፪0፩፰ |
| **ሽፋን፡** ኤምሲ ኤን ፖሊሲ ማናጀር | **ዓይነት ፖሊሲ(፩ ወይ ፪)፡** ዓይነት ፩ |
| **ለውጢ፡**<br>ሆስፒታል ዬል ኒው ሃቨን ስርዓተ ጥዕና መደብ ፋይናንሳዊ ሓገዝ ንግልጋሎት ሆስፒታል(ኤን ሲ፡ኤፍ-4)<br>ሆስፒታል ብሪጅፖርት መደብ ፋይናንሳዊ ሓገዝ ንግልጋሎት ሆስፒታል(9-13)<br>ሆስፒታል ግሪንዊች ሓፈሻዊ መግለፂ መደብ ፋይናንሳዊ ሓገዝ ንግልጋሎት ሆስፒታል<br>ሆስፒታል ላውረንስ + ዝኽረ-ሆስፒታልን ሆስፒታል ሓለዋ ግብረ-ሰናይ ዌስተርሊ፥ ፋይናንሳዊ ሓገዝ፥ፖሊሲ ክፍሊት ናፃ ዓራት | |

**ዕላማ፥**

ስርዓተ ጥዕና ዬል ኒው ሃቨን (“ዋይ ኤን ኤች ኤች ኤስ”) ሕሙማት ብዘይ ፋይናንሳዊ ሓገዝ ንመሰረታዊ ናይ ሕክምና ሓለዋ ጥዕና ክኸፍሉ ከምዘይኽእሉ ይፈልጥ። ምስ ልእኽቶኡ ብዝጠዓዓም “ዋይ ኤን ኤች ኤች ኤስ” ንሓደጋን ኻልኦት ናይ ሆስፒታል ሕክምና ውፃእታትን መጠን እንትቕመጥ እቲ ናይ ምኽፋል ዓቕሚ ብጥንቓቐ ኣብ ግምት ዝኣቲ ሙኻኑ ንምርግጋፅ ፃዕሪ ይገብር።

ካብ ልእኽቶኡ ብተወሳኺ “ዋይ ኤን ኤች ኤች ኤስ” ንሓደጋን ኻልኦት ናይ ሆስፒታል ሕክምና ውፃእታትን ንዝኸፍሉ ዉልቀ ሰባት ንምሕጋዝ መደብ ፋይናንሳዊ ሓገዝ (ኤፍ ኤ ፒ) መስሪቱ እዩ። ዕላማታት “ኤፍ ኤ ፒ” ደማ

(i) ኣብ ትሕቲ “ኤፍ ኤ ፒ” ዘዉ ኹሎም ፋይናንሳዊ ሓገዛት ምንፃር
(ii) ብዛዕባ ዘድልዩ ረቛሒታት ፥ ንምምልካት ዘድልዩ ሜላ ኣተገባብራ ፋይናንሳዊ ሓገዝን ንፁር ሓበሬታ ምሃብ
(iii) ን“ኤፍ ኤ ፒ” ብቑዓት ዝኾኑ ሕሙማት ንሓደጋን ኻልኦት ናይ ሆስፒታል ሕክምና ምክልኻል ወፃኢታትን መ ሰረት መጸብጸቢ ዝምልከት ምግላፅን
(iv) ብ “ዋይ ኤን ኤች ኤች ኤስ” ንዝግልገል ማሕበረ-ሰብ “ኤፍ ኤ ፒ” ዝምልከት ብሰፊሑ ብዛዕባ ንምልላዩ ዘውሰዱ ስጉምትታት ሆስፒታላት “ዋይ ኤን ኤች ኤች ኤስ” ምግላፅ።

## ተፈፃምነቱ

እዚ ፖሊሲ ዝትግበር ምስ ሕጋዊ ፍቓድ ዘለዎም መዳርግቲ “ዋይ ኤን ኤች ኤች ኤስ” ዝኾኑ፥
ሆስፒታል ዬል ኒው ሃቨን(ዋይ ኤን ኤች ኤች) ፥ሆስፒታል ብሪጅፖርት(ቢኤች ) ፥ሆስፒታል ግሪንዊች(ጂ ኤች)፥ ሆስፒታል ላውረንስ + ዝኽረ-ሆስፒታልን (ኤል ኤም ኤች) ፥ ሆስፒታል ዌስተርሊ(ደብልዩ ኤች)(ነፍስወከፍ” ሆስፖታል”)

## ፖሊሲ

## I. ሽፋንን ዝርዝር መቕረብትን

ሀ) **ንሓደጋን ኻልኦት ናይ ሆስፒታል ሕክምና ምክልኻልን፡** ኤፍ ኤ ፒ ብናይ ሆስፒታል ወፃኢ ብውሽጥን ብደገን ግልጋሎት ንዝረኽቡ ሕሙማት ሓዊሱ ንሓደጋን ኻልኦት ናይ ሆስፒታል ሕክምና ምክልኻልን ተግባራዊ ይግብር፥ ኤፍ ኤ ፒ ዘይካትቶም ፤

(ሀ) ውልቀ መደቀስን ግቡእ ውልቀ ነርስታትን
(ለ) ኣድለይቲ ዘይኮኑ ሕክምናዊ ግልጋሎታት ከምኒ ደጋዊ መጥባሕቲን ዝኣመሰሉን
(ሐ) ከምኒ ቴሌቬዥንን ስልክን ካልኦት ክፍሊታትን ውፃእታትን
(መ) ኣብዚ ፖሊሲ ብንፁር ዘይተገልፁ ናይ ዋጋ ምንካይን

ለ) **ዝርዝር መቕረብቲ፥** ኣብ ሆስፒታል ንሓደጋን ኻልኦት ናይ ሆስፒታል ሕክምና ምክልኻልን ዘቕርቡ ዝርዝር መቕረብቲ ኣብዚ ክርከቡ ይኽእሉ።
http://www.org/~/media/fiels/ynhhs/forms/financial/011117/ynhh fap policy list 2017.pdf
እዚ ዝርዝር ዘመልክቶ መቕረቢ ኣብ ትሕቲ ኤፍ ኤ ፒ ዝሽፈን እንተኾይኑ እዩ። ዘይሽፍን እንተኾይኑ ሕሙማት ናይቲ መቕርቢ ፋይናንሳዊ ሓግዝ ዝረኽቡ ንምኻኖምን በቲ ፖሊሲ ንክሽፈኑን ንምውሳን ናብቲ መቕረባይ ቤት ዕዮ ከምልክቱ ይግባእ።

ሐ) **ምስ ኢ ኤምቲ ኤ ኤል ኤ ምጥዕዓም፡** ሆስፒታላት ምስ ምርምራ ሃንድበታዊ ሕክምናን ኣዋጅ ሽቃሎን ብዘይቃረንን ምስ ፖሊሲኦም ብዝጠዓዓም ክተግብሩ ይግባእ። ብተወሳኺ ድማ ሃንድበታዊ ሕክምናዊ ምርመራ ንዝደልዩ ውልቀ ሰባት ካብ ዘየበረታትዑ ተግባራት ንክቖጠቡ ይገብር።

## II. መደባት ፋይናንሳዊ ሓግዝን ብቑዑነትን

ፋይናንሳዊ ሓገዝ ዝወሃብ ንዜጋታት ዩኤስን ንፋይናንሳዊ ሓገዝ ምልክታ ዝውፁ ረቛሒታት ንዘመላኡ ነበርቲን ከምኡ እውን ኣብ ታሕቲ ንዝትገልፁ ተወሰኽቲ ጠለባት ብቑዕነት ንዘማልኡ ይምልከት።

ሀ) **ናፃ ምክልኻል፡** መደብ ናፃ ምክልኻል ካብቲ ናይ ፌደራል መምርሒ ቁፅፅር ድኽነት መሰረት ዓመታዊ ናይ ስድረኦም ኣታዊ ፪፫0 ሚኢታዊ ወይ ትሕቲኡ ዝኾኑ ሕሙማት ሆስፒታላት ብናፃ የቕርብ (ሕዛል ፩ ረአ)።
ዝኾነ ሕሙም ኣብ ውሽጢ መወዳእታ ሽዱሽተ ውርሒ ናይ ሕክምና ገንዘባዊ ሓገዝ ዝረከብ በቲ ሆስፒታል ቓድ በታ ሃገር ዝዉሰን ፋይናንሳዊ ሓገዝ ንክረከብ ብቑዕ እንተኾይኑ እዩ።

ብተወሳኺ “ዋይ ኤን ኤች ኤች ኤስ” ኣብ ክንዲ ቢ ኤች ፥ ጂ ኤችን “ዋይ ኤን ኤች ኤችን ኾይኑ በቲ ናይ ፌደራል ድኽነት መጠን ኣታዊኦም ፪፫0 ሚእታዊ ወይ ትሕቲኡ ዝኾኑ ግን ደማ ፋይናንሳዊ ሓገዝ ንክረኽቡ ዘየመልከቱ ዉልቀ ሰባት ንምፍላይ ዝሕግዝ ሳልሳይ ወገን መመልመሊ ሜላ ይጥቀም። በዚ ኸይዲ እዚ ዝተነፀረ ሕሙም ኣዚዩ ዕዙዝ ናይ ሆስፒታል ክፍሊት ብነፃ ይስርሓሉ።

ለ) **ቅናስ ክንክን(ሓለዋ)፡** ዝኾነ ዉሕስና ዘይብሉን ዓመትዊ ኣታዊኡ ብመሰረት ብርኪ ድኽነት ፌድራል ኣታዊኡ ካብ ፪፫፩-፫፫0 ሚእታዊ ዝኾነ ሕሙም በቲ ሆስፒታል ”ኤ ጂ ቢ” ዋጋ ሕክምናዊ ክንክን ይቕነሰሉ ( ኣብ ታሕቲ ክፍሊ፫ ሕዛል ፩ ከምዝተገልፀ)።

ሐ) **ክፍሊት ዓራት ሆስፒታል** ኣብቲ ሆስፒታል ንዝርከቡ ሕሙማት ንሕክምና ግልጋሎት ተባሂሉ ብሓገዝ ካብ ዝተረኸበ ክፍሊት ዓራት ሆስፒታል ፋይናንሳዊ ሓገዝ ንምርካብ ብቑዕ ተኾይኑ ክትረክብ ትኽእል። ካብ ክፍሊት ዓራት ሆስፒታል ዝተወሰኑ ኣታዊ ቅብሊት ኣይርከቡን እዮም። ብቑዕነት ዝዉሰን ከከም ኹነታቱ በቲ ናይ ክፍሊት ጠቆምቲ ናይ ፋይናንሳዊ ፀገም ኣብ ግምት ብምእታው ኣዩ። ነቲ ፋይናንሳዊ ሓገዝ ምልክታ ረቛሒ ዘማለኡ ሕሙምት ብቐጥታ ክፍሊት ዓራት ሆስፒታል ተሓሳቢ ይግበረሎም።

መ) **ኻልኦት ፍሉያት መደባት ፋይናንሳዊ ሓገዝ**

(i) **ዬል ኒው ሃቨን ሆስፒታል መደብ ንዓይን ንወደይን፡** እዚ መደብ ንሕሙማት ሆስፒታል ዬል ኒው ሃቨን ጥራሕ ይምልከት። ግልጋሎታት ቅድመ ወሊድን ሕርስን ከምኡ'ውን ግልጋሎት ምክልኻል ድሕረ ወሊድ ብነፃ ክፍሊት ይህብ። ብመሰረት ብርኪ ድኽነት ፌደራል ዓመትዊ ኣታዊ ስድራ ካብ 2.5 ግዜ ፈደራላዊ መስመር ድኽነት ትሕቲኡ ተኾይኑን ዝኾነ ዓይነት ዉሕስና ጥዕና ዘይብሉን እሞ ነባሪ ሃገረ ኒውሃቨን ተኾይንኻ ነዚ ግልጋሎት ብቑዕ ትኸዉን። ነወሳኺ ሓበሬታ ወይ ምልክታ ንምሕታት ኣብ ማእኸል ሆስፒታል ደቂ ኣንስቲዮ ዬል ኒው ሃቨን ንዝርከቡ ተወከልትና ርኸብ ወይ ናብ ፪0፫-፯፰፰-፰፬፯0 ደዉል።

(ii) **ክሊኒክ ተመላለስቲ ሆስፒታል ግሪንዊች፡** ብዕድመ ንዝደፈኡን ወፃኢ ሕክምና ዘይሸፍኑን ኣታዊ ስድረኦም ፬ተ ግዜ ትሕቲ ብርኪ ድኽነት ፌደራል ዝኾኑን ዉሕስና ዘይብሎምን በዚ መዳይ ግልጋሎት ይረክቡ። ብተወሳኺ ኣታዊ ስድረኦም ፬ተ ግዜ ትሕቲ ፌደራል ብርኪ ድኽነት ዝኾነን ነበርቲ ግሪንዊች ዝኮኑ ሕክምናዊ ክንክን(ሓለዋ) ብቕናስ ይረኽቡ። ንዝበልፀ ተወሳኺ ሓብሬታ ሚኪታ ንምርካብ ናብ ፪0፫-፰፯፫-፫፫0፬ ደዉል

## III.ናይ ክፍሊት ገደብን ንኤፍ ኤ ፒ ብቑዓት ሕሙማት መጠን ክፍሊትን፡

ዕድል ፋይናንሳዊ ሓገዝ ኣብ ዝርከበሉን ትሕቲ ፩00% ናይ "ዋይ ኤን ኤች ኤች ኤስ" ኣገልግሎት ክፍሊት ዝሸፍን ተኾይኑን ንፋይናንሳዊ ሃገዝ ብቑዓት ንዝኾኑ ሕሙማት ዝኽፈል መጠን ኣብዚ ፖሊሲ ልዕሊ ናይቲ ሆስፒታል ጠቕላላ ክፍሊት ንምክልኻል ("ኤጂቢ") ናይ ዉሕስና ሽፋን ዘለዎም ሕሙማት ኣይከዉንን። "ዋይ ኤን ኤች ኤች ኤስ" ብንድሕሪት ምርኣይ ሜላ ዓመታዊ ሆስፒታል "ኤጂቢ" ይፅብፅብ። ብመሰረት ምጠን ናይ ዕድመ ዝደፈኡ ሕክምና ክፍሊት ኣገልግሎት ነቶም ተጠቀምትን ናይ ዋጋ ምክፋል መጠንን ነፍስውከፍ ዉልቀ ጥዕና ዉሕስና ወሃብቲ ንነፍሲ ወከፍ ቀረብ ሆስፒታል ኣብቲ በጀት ዓመት ዝሽፍልዎን የጠቓልል። "ዋይ ኤን ኤች ኤች ኤስ" ሚእታዊ ቅነሳ በብሆስፒታል ወይ ብናይ ባዕሉ ሕሙማት ብዝጠቅም ክገብሮ ይኽእል። ኤጂቢ ኣብቲ ሕዛል ፩ ተቀሚጡ ኣሎ።

ኣብዚ ከምዝተተቐመሉ፣ "መጠን ጠቕላላ ዝተኸፈለ"፡ "ሜላ ንድሕሪት ምርኣይን" ኣብቲ ሕጊ ዉሽጣዊ ኣታዊ s ፭0፩(ኣር)(፭)ን ፩.፭0፩(ኣር)-፭ ዘለዎ ትርጉም ይኸዉን።

## IV. ሜላ ትግበራ ኣወሃህባ ሓገዝ፡

ፋይናንሳዊ ሓገዝ ንምርካብ እቲ ሕሙም ነቲ ምልክታ ፋይናንሳዊ ሓገዝ ረቛሕታት ከማልእ ኣለዎ("ምልክታ")። እቲ ምልክታ (1) ናይ ኤፍ ኤ ፒ መደባትን ኣገባብ ረቛሕታን ዝሓዘ፥ (2) ኣግባብነት ንምዉሳን ናይ ሰነድ ርቛሕታት፥ (፫) ን ኤፍ ኤፒ ዝሕግዝ መራኸቢ ሓበሬታ። ብተወሳኺ እቲ ምልክታ (፩) እቲ ሆስፒታል ነፍስወከፍ ብፅሑፍ ንዝተገብረ ምልክታ ምላሽ ክምዝህብ ይገልፅ (፪)ሕሙማት ኤፍ ኤ ፒ ኣብ ዝኾነ ግዜ ንፋይናንሳዊ ሓገዝ ድጋሚ ከመልከቱ ከምዝኽእሉ ይገልፅ፥ (፫) ተወሳኺ ናፃ ዓራት ክፍሊት በብዓመቱ ምህላዉ ይገልፅ። ሓብሬታ ወይ ሰነድ ስለዘቐረበ ኣብ ኤፍ ኤ ፒ ሆስፒታላት ፋይናንሳዊ ሓገዝ ኣይንገብርን ኣይብላን።

ንፋይናንሳዊ ሓገዝ ኣግባብነት ንምዉሳን "ዋይ ኤን ኤች ኤች ኤስ" ሆስፒታላት ምኽንያታዊ ፃዕሪ ብምግባር ሰነዳት ዘድልዩ ናይቲ ሕሙም ማህደራትን የፃርያ። ሆስፒታላት እቲ ሕሙም ን ኤፍ ኤ ፒ ኣግባብ ዘለዎ ሙኳኑ ምስ ፈለያ ዝገብረኦ፡

(i) ከም ኤፍ ኤ ፒ ኣግባብ ሕሙም ነፍስወከፍ ዝግበኦ መጠን ክፍሊት ዘመላኽት ሓሳብ ምቕራብ ክንደይ መጠን ተወሲኑ ነፍስወከፍ ከመይ ኤጂቢ ሓብሬታ ከዝረክብ ምግላፅ

(ii) ከም ኤፍ ኤፒ ኣግባብነት ዘለዎ ምኳን ነቲ ሓለዋ ብዉልቀ ካብ ዝግበኦ ንላዕሊ ዝኸፈሎ ትሕቲ 5 ዶላር ወይ ብ "ኣይኣር ኤስ" ዝተቐመጠ ተዘይኾይኑ እቲ ዝተኸፈለ መጠን ተመሊሱ ይኽፈሎ።

(iii) ፍሉያት ንዝኾኑ ከይዲ ኣተኣኻኽባ ተግባራት ምኽንያታዊ ስጉምቲ ይወስድ።

## V. ክፍሊት ዘይምህላውን- ሕጋዊ መፍትሕን

ሆስፒታል ፍሉይ ኣብ ዝኾነ ምእካብ ገንዘብ ኣይዋፍረን እዩ። ናይ ዝትውሃበ ሕክምናዊ ክንክን ድሕሪ ናይ 120 መዓልታት

ክፍሊት ድሕሪ ምፍፃምን ሓድ ተጠቃሚ ፋይናንሳዊ ሓገዝ ዝኾነ ውልቀ ሰብ ኣብቲ እዋን ባዕሉ ገንዘብ ናይ ምኽፋል ዓቕሙ ኣብ ግምት ይኣቱ። እቲ ሕሙም ነዚ ንምፍፃም ዘለዎ ብቕዓት ተራእዩ ብ ኤፍ ኤ ፒ መደምደምታ ይውሃብ።እዚ ፍሉይ መአከቢ ትግበራ (ኢ ሲ ኣ) ድማ ረቛሒታት ኤፍ ኤ ፒ ምምልኦም ብምክትል ፕረዝደንት ግሊጋሎት ኮርፖሬት ቢዝንስ ተፈፃሚ ይኸውን።

እቲ ሆስፒታል ድማ ብመሰረት ዝውውር ስርዓት ክፍሊቱ ብመሰረት ውሽጣዊ ኣሰራርሓኡን ልምዱን ይፍፅም። ከም ኣሰራርሓኡን ልምዱን ድማ እቲ ሆስፒታል ብውሑዱ እቶም ተሓከምቲ ብመሰረት ብኤፍ ኤ ፒ ዝተቐመጠሎም ዕለትን ከይዲ ክፍሊትን ንምንፃር፡

1. ኩሎም ሕሙማት ብዝርደኦምን ብሩህ ቋንቋን መዘኻኸሪ ይወሃቦም፥ ካብቲ ሆስፒታል ድማ መመልከቲ ቅጥዒ ፋይናንሳዊ ሓግዝ ኤፍ ኤ ፒ ኣካል እቲ ናፃ ክፍሊት ዝኾን መምልኢ ይውሃቦም።

2. ብውሕዱ ሰለስተ ዝተፈላለዩ መግለፂታት ናይ ዓርሰ ክፍሊት ናብ ኣድራሻ እቲ ሕሙም ዝመፀሉ ወይ ሓላፍነት ናብ ዘለዎ ውልቀ ሰብ ብኢ-ሜል ወይ ብኻልእ መንገዲ ይለኣኽ።ይኹን እምበር ዝምልከቶ ሰብ ዝተማለአ ምልክታ ፋይናንሳዊ ሓግዝ ኣብ ትሕቲ ኤፍ ኤ ፒ ዝምልከት ሓንሳብ መግለፂ ምስ ዝበፅሖ እቲ ተወሳኺ መግለፂ ምስዳድ ኣይድልን እዩ። ኣብ ሞንጎ እታ ናይ መጀመርታን መወዳእታን መልእኽቲ እንተወሓደ ፺0 መዓልታት ክሓልፉ ከኽእሉ ኣለዎም። ኣብ እዋን ግሊጋሎት ትኽክለኛ መልኣኺ ኣድራሻ ናይ ምቕራብ ግቡእ ናይቲ ሓላፍንት ዝወሰደ ኣካል እዩ ዝኸውን። እቲ ሒሳብ ትኽክለኛ ኣድራሻ እንተዘይብሉ መወስኒ ምኽንያታዊ ፃዕሪ ይሰራሕ። ናይ ኩሎም ሕሙማት መኽፈሊ ሒሳብ ዘካተተ ኮይኑ ፥ነዞም ዝስዕቡ እውን ግና ኣይውሰንን እዩ፤

ሀ) በቲ መግለፂ ዝተዳህሰሰ ትኽክለኛ መዘኻኸሪ እቲ ሆስፒታል፤

ለ) ንከምዚኦም ዝመሰሉ ግሊጋሎት ዘሎ ክፍሊት፤

ሐ) ብዛዕባ ፋይናንሳዊ ሓገዝ ኣብ ትሕቲ ኤፍ ኤ ፒ ምህላዉ ዘመላኽት ንፁር ፅሑፉን መርዳእታን ዝምልከቶ ኣካል ዝገልፅ ቁፅሪ ስልኪ እቲ ክፍሊ፥ ቀጥታ ኣድራሻ ድር-ገፅ ፤ ግልባጥ ሰነድ እውን እንትልዩ።

መ) ኣብ ትሕቲ ኤፍ ኤ ፒ ብዛዕባ ፋይናንሳዊ ሓገዝ ምህላዉ ዝገልፅ ንፁር ሓበሬታን መረዳእታን፣ ቁፅሪ ስልኪ ናይቲ ክፍሊ ከምኡ እውን ቀጥታ ኣድራሻ ድረ ገፅ እቲ ዝምልከቶ ውልቀ ሰብ ዝረኽበሉ እዩ።

3. ቅድሚ ሕጂ ካብ ዝተልኣኹ መግለፂታት እቲ ዝምልከቶ ውልቀ ሰብ ብዛዕባ ኢሲኤ ን ሓበሬታ ዝሓዘን እዚ ድማ እቲ ዝምልከቶ ውልቅ ሰብ ኣብ ትሕቲ ኤፍ ኤ ፒ ንፋይናንሳዊ ሓገዝ ዘይሓተተን ምኽኑ ዘመላኽት ቅድሚ ሐዚ ዝተልኣኹ መልእኽታት ዋላ ኣብ መወዳእታ ግዘ ክካተት ኣለዎ። ከምዚ ዓይነት መግለፂ ቅድሚ ዝትወሰነ ግዘ ገድብ ናብ ዝምልከቶ ውልቅ ሰብ ክቐርብ ኣለዎ። ርዱእ ብዝኾነ ቋንቋ ድማ ይስነ። ኣብ እዋን ግሊጋሎት እቲ ዝምልከቶ ሰብ ትኽክልኛ ኣድራሻ ክቐርብ ኣለዎ። ትኽክለኛ ኣድራሻ ምስ ዘይቐርብ ግና ውሳነ ንምኽንያታዊ ፃዕሪ ይትግበር።

4. ኣብ ዝኾነ መብገሲ ኢሲኤ፥ ሒሳብ ዘይተኸፍለ እንተፀኒሑ ፤ ኣብ ዝተልኹ መልእኽታት እውን ከምኡ ዘመላኽት እንተኾይኑ ፥ በቲ ዘሎ ስልኪ ነቲ ዝምልከቶ ርክብ ይግበር፤ ኣብ ዝግበሩ ዝርርባት ድማ እቲ ሕሙም ውይ ዝምልከቶ ኣካል ኣብ ትሕቲ ኤፍ ኤ ፒ ዝግበር ፋይናንሳዊ ሓገዝ ኣድላዪ ምኧኑ ይንገር።

5. ብመሰረት ስምምዕነት መትከላት እዚ ፖሊሲ፥ “ሆስፒታል ዋይ ኤን ኤች ኤች ኤስ’’ ብ “ኢ ሲ ኤ” ብመሰረት ዝትዝርዝሩ ፖሊሲትት (ትሕዝቶ <u>ቁፅሪ 2</u> ረአ) ንዘቕርቡ ግሊጋሎት መድሓኒት ክፍሊት

## VI. ተረካብነት ፖሊሲ

ናይ ፍኤይፒ ቅዳሕት፡ ናይ ቀሊል ቋንቋ ጽማቕ ናይቲ ኤፍኤይፒ፡ ከምኡ'ውን ናይ ኤፍኣይፒመመልከትን ናይ ኣብዚ ክረኽብዎ ይኽእሉ፤ https://www.ynhhs.org/billing-insurance.aspx.

ነብሲ ወከፍ ሆስፒታላት ኤፍ ኤ ፒ ናይዚ ቅዳሕ ኣለወን፥ ንፁር መብርሂ ኤፍ ኤ ፒ፥ ሕቶ ምልክታ ኤፍ ኤ ፒ፥ ናፃ ግሊጋሎት

ክፍሊት ባኤለክትሪካዊ መልእኽቲ ብእንግሊዘኛ ፅሑፍ ብወረቐት መልክዕን ብሆስፒታል ሃንደበታዊ ክፍሊን ተነኣሰ ፩000 ወይ ደማ ፭%ን ልዕሊኡን ካብ ሓፈሻዊ ተገልገልቲ እቲ ሆስፒታል ብቀዳምነትን ዉሱን ክእለት እንግልዘኛ ቋንቋ ዘለዎምን እዩ። ንዝርዝር ቋንቋታት ሕዛል ፫፥

ናይ ግልጋሎት ትካል ንግዲ ነፃ ክፍሊት (፰፰፫) ፰፬፯-፬፰፰፬ ንኣግባብነት ተወሳኺ ሓበሬታ ወይ ክቐርቡ ንዝኽእሉ መደባት፥ ቅዳሕን ንፁር ሙብርሂ ቋንቋን ንምሕታት፥ ምልክታ ፎርምታትን ወይ ዝለኣኹ ክፍሊታትን ፖሊሲታትን ወይ ካብ እንግሊዘኛ ቋንቋ ወፃኢ ዝተቐየሩ ምልክታታት ኤፍ ኤ ፒ። ብተወሳኺ ሕሙማት ብዛዕባ ምዝገባ ፥ግልጋሎት ፋይናንስ ካልኦት ምምሕዳራዊ ጉዳያትን ክሓቱ ይኽእሉ እዮም።

ካብዚ ብተወሳኺ እዉን ኤፍ ኤ ፒ ንምፍላጥ ጋዜጣታትን በረርቲ ፅሑፋት ብምሕታምን ወይ ብዛዕባ ዝግባእ መጠን ብቓል ርክብ ምግላፅን ካልኦት ብግልፂ ካብ ዝግበሩ ኣኼባታት ዝርከብ ሓብሬታን።

## VII. ኮሚቴ ቑፅፅር ምምሕዳር

ኤፍ ኤ ፒ ብኣቦ ወንበርነት ላዕለዋይ ምክትል ፕሬዝደንት ኮሚቴ ቑፅፅር ምምሕዳር "ዋይ ኤን ኤች ኤች ኤስ" ከምኡ እዉን ብሓባር ተወከልቲ ግልጋሎት ትካል ንግዲ ፥ ግልጋሎት ፋይናንስ ሕሙማት ፥ ርክብ ሕሙማት፥ ፋይናንስ ፥ ክፍሊ ሕክምናን የካትት። እዚ ኮሚቴ ተነኣሰ በብርብዒ ዓመት ይራኸብ።

## VIII. ምስ ናይቲ ሃገር ሕጊ ምስምማም

ነብሲ ወከፍ ሆስፒታል ናይታ ሃገር ሕጊ ተገዛኡ ይኸዉን። ብዘይ ገደብ ሆስፒታላት ዝግዘኣሉ ሓፈሻዊ ሕጊን ዉሕስና ዘይብሎም ሕሙማትን ሃገር ለኸ ኣቕሪቦት ሓለዋ ግብረ ሰናይ ሮድ ኣይስላንድ ኣብ ክፍሊ ፩፩.፫ ሮድ ኣይስላንድ ሕግን ደንብን ክፍሊ ጥዕና ሆስፒታላት("ኣር ኣይ ደንብታት") ከምዝተቐመጠን ከማኡ እዉን ኣብ ክፍሊ ፩፩.፬ "ኣር ኣይ" ደንብታት ዝተቐመጠ ሃገር ለኸ ኣቕሪቦት ዝይተኸሓሰ ሓለዋን።

**መወከሲታት**
ሕጊ ኣታዊ ዉሽጢ 501(ሲ)(3)
ሕጊ ኣታዊ ዉሽጢ 501(ኣር)
ኮን.ጀን.ስታት. 19ኤ - 673 ኢቲ ኤስ ኢ ኪው
ሕግታት ኣር ኣይ 11.3 ን 11.4ን

**ተዛመድቲ ፖሊሲታት**
ዋይ ኤን ኤች ኤች ኤስ ናይ ኣከፋፍላን ምእካብን ፖሊሲታትን
ዋይ ኤን ኤች ኤች ኤስ ኢ ኤም ቲ ኤ ኤል ኤ ፖሊሲ ሕክምና ምልመላ ብምድዋልን ምትሕልላፍን
ሆስፒታል ያሌ ኒው ሃቨን ፖሊሲ ክፍፍልን ክፍሊትን ናፃ ሓለዋ ኤን ሲ፡ኤፍ-2
ሆስፒታል ግሪንዊች ማእኸል ተመላለስቲ ሕሙማት ፖሊሲን ኸይድታትን።

**<u>ሕዛል ፩</u>**

**፪፭0% ን ፭፭0% ቁፅፅር ድኽነት ፌደራል**

| | <u>በዝሒ ስድራ</u> | <u>100%</u> | <u>250%</u> | <u>550%</u> | |
|---|---|---|---|---|---|
| | 1 | $ 12,140 | $ 30,350 | $ 66,770 | |
| | 2 | $ 16,460 | $ 41,150 | $ 90,530 | |
| | 3 | $ 20,780 | $ 51,950 | $ 114,290 | |
| | 4 | $ 25,100 | $ 62,750 | $ 138,050 | |
| | 5 | $ 29,420 | $ 73,550 | $ 161,810 | |
| | 6 | $ 33,740 | $ 84፣350 | $ 185,570 | |
| | | | | | |
| | ናፃ ክንክን፡ ተወሳኺ 10,800 ንነብሲ ወከፍ ተወሳኺ ኣባል ስድራ ደምር | | | | |
| | ክንክን ቅናስ ዋጋ፡ተወሳኺ $23, 760 ንነብሲ ወከፍ ተወሳኺ ኣባል ተወሳኺ ስድራ ደምር | | | | |
| | | | | | |

**ብሓፈሻ ቁፅሪ ዝተኽፍለ**

ኣብዚ ፖሊሲ ንፋይናንሳዊ ሓገዝ ብቑዓት ዝኾኑ ሕሙማት ዝረኽብዎ ሓገዝ ብመሰረት ዝስዕብ ይፍፀም፤

**ኩሉም ሆስፒታላት ዋይ ኤች ኤች ኤስ**

| ዓመታዊ እቶት ስድራ | መጠን ቅናስ ዋጋ<br>ብሚኢታዊ | ክፍሊት ሕሙማት<br>ብሚኢታዊ |
|---|---|---|
| < ወይ=፪፭0%ኤፍፒጂ | 100% | 0 |
| > ፪፭0%-፭፭0%ኤፍፒጂ | 70% | 30% |

ን፪0፩፰ ኣቆፃፅራ ኣውሮፓውያን፥ ኤጂቢ ኽፍሊት ብሚኢታዊ ክፍሊት፡ ቢኤች ፫0.፬ ሚኢታዊ ፥ጂኤች ፫፩.፮%፥ ኤልኤም ኤች ፫፰.፯ ሚኢታዊ፥ ዋይኤንኤችኤች ፫፪.፮ ሚኢታዊ፥ ደብልዩ ኤች ፫0.፱ ሚኢታዊ።

*ኣብ መጋቢት 21, 2018 ዳግም ዝተራእየ*

**<u>ሕዛል 2</u>**

**ፍሉይ እኩብ ትግበራታት**

## ትሕጃ ንብረት

ውልቃዊ ትሕጃ ነበርቲ ዝፍቀድ፥

ሀ) ሕሙም ዕድል ናፃ ክፍሊት ዓራት ንምርካብ ከምልከት ይኽእል ነይሩ ፡ እዚ ንምምላስ ይኹን ንምንፃግ ዘይብቑዕ ኮይኑ እንተተረኺቡ፤

ለ) ሕሙም ኣብ ትሕቲ ፖሊሲ ፋይናንሳዊ ሓገዝ እዚ ሆስፒታል ኣየመልከተን ኣይሓለፍን ፤ ንዕዳኣ ወይ ንዕድኡ ሓገዝ ክፍሊት ንምሃብ ውይ እውን ዝሓለፈ ወይ ብከፋል፤ ወይ ድማ ብውልቀኡ/ብውልቀኣ ዘይከፈለ/ት እንትኾን፤

ሐ) ሕሙም ክፍሊት ንምፍፃም ዘይሓስበሉ ወይ እንተዘይተስማሚው/ዓ፥ ግን በቲ ሆስፒታል ወይ በቲ ሕሙም ኣብ ስምምዕ ተበፂሑ እንተነይሩ፤

መ) ሓፈሻዊ ሒሳብ ልዕሊ 10 ሽሕ ዶላርን እቲ ንብረት ወይ ትሕጃ እውን ሓዊስኻ ልዕሊ 300 ሽሕ ዶላር ሃብቲ እንትኾይኑ፤

ረ) እቲ ጥሕጃ ውርሲ ኣይኸውንን ኣይኸውንን እዩ።

## ሕዛል 3

## ብውስን ምዕባለ ቋንቋ ኢንግሊዝኛሽ

| |
|---|
| ኣልባንያ |
| ዓረብኛ |
| ዝተቓለለ ቋንቋ ቻይና |
| ፈረንሰኛ |
| ፍርንች ኮሬለ |
| ጀርመን |
| ግሪክ |
| ሂንዲ |
| ጣልያንኛ |
| ጃፓኒዝ |
| ኮሪያን |
| ፓሽቶ |
| ፐርሽያን ዳሪ |
| ፐርሽያን ፋርሲ |
| ፖሊሽ |
| ፖርቹግዝ |
| ፖርቹግዝ ክሬል |
| ራሽያን |
| ስፓኒሽ |
| ስዋሂሊ |
| ታጋሎግ |
| ትግርኛ |
| ቱርኪሽ |
| ቬትናሚዝ |